# ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ ክታበት ኮሮና ክኽተቡ ዕድል ክኽፈተሎም እዩ

ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ ብመሰረት ምሕጽንታ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክታበት ኮሮና ክኽተቡ ዕድል ንክኽፈተሎም መንግስቲ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ።

–ብመሰረት ሞያዊ ምኽርታት ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ንዝርከቡ ክታበት እንተደኣ ተዋሂቡዎም ካብ ጉድኣታቱ ጥቕምታቱ ይበዝሕ ብምዃኑ እዩ። እዚ ንመንግስቲ ወሳኒ ተራ እዩ ተጻዊቱ። ሕጂ ኣብ ቈልዑን ንኣሽቱን ብዝሒ ለብዒ ይርአ ኣሎ፡ ስለዚ ክታበት እዞም ቈልዑን ንኣሽቱን ናብ ንቡር ህይወቶም ንክምለሱ ተራ ክህልዎ እዩ ትብል ኣርና ሱልባርግ።

–ሕጂ ብዙሕ ክታበታት ንረክብ ኣለና፡ ገሊአን ንኡሳን ዞባታት ከኣ ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ ብዝቐልጠፈ ምኽታብ ክጅምራ ይኽእላ እየን። ዕዮ ክትበት፡ ምምርማርን ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ዝፈጥረለን ጸቕጢ ካብ ንኡስ ዞባ ናብ ንኡስ ዞባ ይፈላለ እዩ። ነዞም ኣብዚ ጉጅለ ዝርከቡ ጎኒ ጎኑ ካልኦት ክኽትባ ዝኽእላ እንተደኣ ኮይነን ባዕለን ክግምግሞአ ኣለወን ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

እዘን ክታበታት ንካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ሰባት ተቐባልነት ረኺቡ ኣሎ። ብዙሓት ሃገራት ከም እኒ ደንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ኣይስላንድ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ድሮ ነዞም ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ክታበት ምኽታብ ጀሚረናአ ኣለዋ።

እቶም ኣብ 2009 ዝተወልዱ ግን ከኣ 12 ዓመት ዘይመልኡ ድማ፡ ንኡሳን ዞባታት ነዚኦም ዝኸውን ስርዓት ኣተኣታትየን 12 ዓመት ኣብ ዝመልኡሉ እዋን ንክታበት ክጽዎዖም ክኽእላ ኣለወን።

**ተወሳኺ ኣፍልጦ ክሳብ ነጥሪ ክንጽበ ኢና**
ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ብሓፈሻ እዚ ክታበት ጽቡቕ ጌሩ ከምዝጠቕሞም ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዘመልክቱሉ ሓደ ነጥቢ እዩ፡ ከምኡ'ውን ምስ ዓበይቲ ብምንጽጻር ሓደ መርፍእ ተወጊኦም ዘሕድረሎም ብዩንነት ካብ ናይ ዓበይቲ ዝነውሐ ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዚ ዝርከቡ ሰባት ካልኣይ መርፍእ ክውግኡ ምሕጽንታ ክሓልፍ እንተደኣ ኲይኑ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣቕዲሞም ዝተሓደሰ ኣፍልጦ ምስ ኣጥረዩ ንክበድቲ ጐር-ሳዕቤናት፡ ኲነታት ምዕባለ ሕማምን ውህሉል ኲነታትን ሓደስቲ ገምጋማት ክካይዱሉ እዮም።

ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ኣስታት 260 000 ሰባት ኣለዉ ወይ ካብ ህዝብና 4.8 ሚእታዊት ኢዩ ይኸውን ብዝሖም። ሰለስተ በብዓመቶም ዝተወልዱ ጉጅለታት ተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ እዮም (2008፡ 2007ን 2006ን)፡ እቲ ካልኣይ ጉጅለ ከኣ ተማሃሮ መባእታ ዝሓቑፈ እዩ ዝኸውን ዘሎ(2009)።

**ርይቶኦም ክስምዑ መሰል ኣሎዎም**

ንክትበት ደቆም ዝምልከት ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝውስኑ ወለዲ እዮም። ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዝርከቡ ቈልዑ ብሕጋዊ መለክዒታት ጥዕና ክርአ ከሎ ከም በጽሒ ኣይቌጸሩን እዮም፡ ኰይኑ ከብቅዕ ንናይ ገዛእ ርእሶም ጥዕና ዝምልከቱ ውሳኔታት ክስምዑ ኣሎዎም። ክታበት ኮሮና ክኸተቡ እንተደኣ ኮይኖም እቶም ተሓታትነት ወለዲ ዝስከሙ ወለዲ ወይ ወላዲ ፍቓዱ ክህብ ኣሎዎ።

–ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ንዝርከቡ ቈልዑ ዝኽውን ዝተዋደደ ሓበሬታ ከዳልወሎም እዩ፡ እዚ ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዕል ቈልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰሎም እዩ ይብል ሀይየ።